ማሕበር ማእከለ ዕድጋ ቀለበት ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ንማእከል ዘመናዊ ዕደጋ አገልግሎት ዝዉዕል ቤዝመንት ምድር ቤት ህንፃ ናይ ስትራክቸራል ሲፍቲክ ታንክ : ዋተር ታንክ :ሳኒተሪን :ኤሌክትሪክ ኮንዲትን ዝርገሐ ናይ ጉልበት ስራሕ ዓይነት ጨረታ ናይ ሞያን ጉልበት ዋጋን ምስማርን ስልክን ሓዊሱ አወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደሊ ነዞም ቀፂሎም ዝቀርቡ ረቆሒታት እተማልኡ ኮንትራክተራት ንክትጫረቱ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጉንበት 13, 2018 (ቅድሚ 6 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 27, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ሐደ ሚልዩን ብር
- ቦታ:ሽረ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:5000
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 27, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ዓይነት ጨረታ ናይ ሞያን ጉልበትን ዋጋ ወይ እዉን ሌበር ኮስት ምስማርን ስልክን ሓዊሱ ደረጃ ጂሲ ወይድማ ቢሲ 4 ልዕሊኡን ዝኮነ ሕጋዊ ናይ ኮንስትራክሽን ፈቃድ ዘለዎ

2 ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ : ቲን ናምበር : ቫት ተመዝገበቲ : ምስክር ወረቀት መቅረባይነት ከቅርብ ዝክእል

3 ናይ ወርሒ መጋቢት 2018 ዓም ቫት ሒሳብ ዘወራረደሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

4 ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ናይ ኮንስትርክሽን ብቅዓት መረጋገፂ ምስክር ወረቀት ደረጃ 4 ስራሕ ፍቃድ መረደእታ ከቅርብ ዝክእል

5 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረክበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 14 ወርሒ ብዝተዉሃቦም ዉዕሊ ምሉእ ብመሉእ ዛዚሞም ከረክቡ ዝክእሉ

6 ሰዓራይ ከማልኦ ዝግባእ ነገር አማሊኡ ዉዐሊ ምስኣሰረ ስራሕቲ ኮዕቲ ምስጀመረን ዘድልዩ ንብረታት ምስኣእተዎን ኣብ ዉዕሊ ዝተቀመጠ ቅድመ ክፍሊት ናይ ዝክፈሎ መጠን ገንዘብ ኣድቫንስ ቦነድ ብመልክዕ ስፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና ብስም ማእከል ዕድጋ ቀለበት ሽረ እንዳስለሴ ከቅርብ ዝክእል

7 መከበሪ ጨረታ 1 ሚልዩን ብር ብስፒኦ ወይ አብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ናይ ባንኪ ዉስና ብስም ማእከል ዕደጋ ቀለበት ሽረ እንዳስለሴ ከቅርብ ዝክእል

8 ንዝበለፀ ዝርዝር ሐበረቴ ድማ ዝዉሃብ ኣብ ሰነድ ጨረታ ምረኣይ ይከኣል

9 ሰነድ ጨረታ ካብ 13/9/2018 ዓም ክሳብ 26/9/2018 ዓም ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓት ዘይምለስ 5000 ቅርሺ እናከፈለኩም ክትወስዱ ከምትክእሉ እናሐበርና ሳንዱቅ ጨረታ 27/9/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ናይ ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረክብሉ ድማ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት 27/9/2018 ዓም ሰዓት 4:30 ቅድሚ ቀትሪ ይክፈት

10 ተጫረቲ ናይ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ነንበይኑ መረዳእታ: ሐደ ዋና ክልተ ቅዳሕ ሰነድ ጨረታ ናይ ስራሕ ተኮናተራይነት ዝተዉሃበ ምዝገባ ካርዲ ፈቃድ ንግዲ መቅረባይነት መዝገባ ምስክር ወረቀት ምስክር ወረቀት ናይ ቫት ምዝገባ ምስክር ወረቀት ናይ ዝሐለፈ ወርሒ ሒሳብ ዘወራረድሉ መረዳእታ: ናይ ቲን ምዝገባ መረዳእታ :ዉሕስና ጨረታ ናይዚ ዓመት ግበሪ መንግስቲ ዝከፈለሉ መረዳእታ ታክስ ክሊራንስ ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታታት ብምዕሻግ መሊሶም ኣብ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብቲ ልዕሊ ፖስታ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ድማ ሸም ዝጫረትሉ ፕሮጀክትን ኣድራሻን ብዝረአ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ አብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ማእከል ዕደጋ ቀለም ቤት ፅሕፈት ክሳብ 27/9/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ብአካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምምፃእ ከእትዉ ይክእሉ እየም ድሕሪ 400 ዝመፅእ ተቀባለነት የብሉን

11 እቲ ማሕበር ዝሐሸ መማረፂ እንተኪቡ ነቲ ጨረታ መሉእ ብመሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንዝበለፀ ዝርዝር ሐበሬታ 0914742492 0914777589 0914315154

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle